# ድሕሪ ባይታ ናይ ኣመጻጽኣን፡ ሓላፍነትን፡

# ናይ ባይቶ ኤርትራውያን ሰሜን ኣመሪካ።

እታ ንገዛእ ርእሳ “ባይቶ ኤርትራውያን ኣብ ሰሜን ኣመሪካ” ዝብል ስም ሰምያ፡ ነቲ ምንቅስቓስ “ማዕበል ይኣክል” ኤርትራውያን፡ ሓይሊ ዕማም፡ ብምስጢራዊ ኣገባብ፡ ነቲ ፖለቲካዊ መትከል፡ካብ ሓይሊ- ዕማም ናብ ውድብ ቀይራቶ እያ። እቲ ግሩህ ህዝቢ ግን፡ ከም መቐጸልታ ናይ’ታ ብጠለብ’ቲ ኣብ ቀጽሪ ቤት-ጽሕፈት ሕቡራት መንግስታት ዓለም (UN) ኣብ ከተማ ኒው-ዮርክ፡ ብወርሒ ጥቅምቲ 27, 2016, ዝተኻየደ ሰላማዊ ሰልፊ ዝተሳተፈ ህዝቢ ኤርትራ፡ ክልተ ልኡኻት፡ ካብ ነፍሲ-ወከፍ ከተማ ናይ ሰሜን ኣመሪካ ዝተወከለት ፡ኣወሃሃዲት ሓይሊ- ዕማም (Task Force) ክትቀውም ኣሎዋ ኢሉ ብዝጠለቦ መሰረት፡ ዝቖመት ማዕበል ይኣክል መሲሉዎ አዩ ጸኒሑ ። ንሳ ግን ዓቢ ስም ሒዛ፡ ነታ ሰብ ዝጽበያ ዝነበረ ብቕኑዕ መንፈስን፡ ንጹር ዓላማን ተበጊሳ ዝነበረት ሓይሊ ዕማም፡ ንጎድኒ ጎሲያ፡ ባዕላ-ንባዕላ ብውድብ መልክዕ ዝተወከለት፡ ዘይፍትሓዊት ጉጅለ፡ እያ። ባይቶ ማለት ህዝቢ ማለት እዩ፡ ግብራዊ ስራሓ ግን፡ ንጠቕሚ ህዝቢ ዘይውክል (ጠጠው ዘይብል) እዩ።

እንተኾነ ግን፡ ነቲ ሰማዒ ብቐሊሉ ምእንቲ ንክበርሃሉ፡ብቐዳምነት፡ድሕሪ ባይታን፡ ዓላማን ናይ’ታ ብጠለብ እኩብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኒው-ዮርክ ቀይማ፡ ስርሓ ዝጀመረት ሓይሊ-ዕማም፡ ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ስለ ዝተጨውየት፡ እቲ ዘጋጠመ ኩነታት፡ ነቲ ኣባል ናይ ማዕበል ይኣክል ብግልጺ ክሕበሮ ይግባእ። ምኽንያቱ ከኣ፡ ነቲ ትርጉምን፡ መልክዕን ናይ ቃልሲ ማዕበል ይኣክል፡ እታ ጉጅለ ቀይራቶ ስለ ዘላ እዩ። ምኽንያቱ ከኣ፡ እቶም ኣባላት ናይ ቃልሲ ማዕበል ይኣክል፡ ነቲ መትከልን፡ መልክዕን፡ ናይ ቃልሶም፡ ቃልሲ፡ ማዕበል ይኣክል፡ ቅኑዕ መንገዲ ክትሕዙዎ ስለ ዝግባእ እዩ።

በቲ ኣብ ላዕሊ ዝተዋህበ ሓበሬታ መሰረት ከኣ፡ ዓላማን፡ ድሕሪ ባይታን፡ ናይ ቃልሲ ማዕበል ይኣክል፡ እተንጸባርቕ ዝነበረት፡ እንተኾነ ግን፡ ብዘይ ፍትሓዊ ኣገባብ ፡ ተጨውያ ዝተረፈት፡ ሓይሊ-ዕማም ፡ ኣብ ታሕቲ፡ ከም ዝግለጽ እዩ።

## ዓላማ፡፡

ዓላማ ናይ’ታ ብዕለት፡ 28 ጥቅምቲ 2016፡ ኣብ ከተማ ኒው- ዮርክ፡ ዝተኻየደ ህዝባዊ ኣኼባ፡ በብክልተ ልኡኻት ካብ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራውያን ዝርከቡወን ከተማታት ሰሜን ኣመሪካ ንክትቀውም ዝተጸውዔት ሓይሊ-ዕማም፡ ከም’ዚ ዝኽተል እዩ፡-

A)ኣብ መጻኢ ግዜ፡ ንኤርትራ ዝትንክፉ፡ዝኾኑ ዓይነት ኣሰከፍቲ፡ ሃገራዊ ሽግር(ራት) ምስ ዘጋጥሙ፡ብጥርኑፍ ደረጃ፡ ግዜ ከይወሰድካ፡ ሓባራዊ ስጉምቲ ንምንውሳድ፡ ኣወሃሂዳ፡ እተዐውተና፡ ሓይሊ- ዕማም መሪጽካ ንምጽናሕ፡ ከምኡ ከኣ፡-
B) ኣብ ቃልሲ ማዕበል ይኣክል፡ ቀዳምነት ክወሃቦ ዘሎዎ ፡ ዓላም ናይ ህዝባዊ ጥርናፈን፡ ውደባን ስለ ዝኾነ፡ እታ ሓይሊ- ዕማም፡ ንኩለን ከተማታት፡ በብወከልተን ተማእኪለን ፡ብምውህሃድ ነታ ጥርናፈ ናይ ኩለን ከተማታት ትብል ዓላማ ብግብሪ ንምትግባር እዩ።

## ድሕሪ ባይታ(Background) ናይ’ታ ብጥቅምቲ 2016 ብውክልና ናይ ከተማታት ሰሜን ኣመሪካ ደረጃ ንኽትቀውም ዝተወሰነት ፡ ሓይሊ- ዕማም።

ኣበጋግሳ ናይ’ታ በብክልተ ልኡኻት ካብ ነፍሲ-ወከፍ ከተማ ሰሜን ኣመሪካ ንኽትቀውም፡ ኣብ መጨረሻ መዓልቲ (28 ጥቅምቲ) ናይ’ቲ ኣብ ኒው- ዮርክ ዝተኻየደ ናይ 27 ጥቅም, 2016 ዓ/ም ሰላማዊ ሰልፊ መሰረት ክኸውን ከሎ፡ እቲ ዝተኻየደ ሰላማዊ፡ ሰልፊ ከኣ፡ ብጻዕሪ ናይ ግዱሳት ወልቀ - ሰባት ኤርትራውያን፡ ዝተጠርነፈን፡ ዝተወሃሃደን እዩ ኔሩ። ዓላማ ናይ’ቲ ሰላማዊ ሰልፊ ከኣ፡ ብዛዕባ’ቲ ኣብ ኤርትራ ፡ ንግህሰት መሰላት ደቂ ሰብ ዝምልከት፡ ብሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝተኣዘዘ፡ ክካየድ ዝጸንሐ መጽናዕቲ፡ ዝምልከት ጉባኤ፡ ኣብ’ቲ ናይ ነውዮርክ ቤት-ጽሕፈታ፡ ናይ ደገፍ ድምጽና ንምስማዕ እዩ ኔሩ።

ካብ’ዚ ድሕሪ ባይታ’ዚ ብምብጋስ፡ እታ ኣብ’ቲ ህዝባዊ ኣኼባ ናይ ከተማ ንውዮርክ ፡ ብሓይሊ - ዕማም ደረጃ ቆይማ፡ ናይ ህዝባዊ ጥርናፈን፡ ናይ ውክልና( Liaison) ስራሓትን፡ ንኽተካይድ፡ ዘሕለፎ ለበዋ መሰረት፡ ብ 15 ታሕሳስ, 2016፡ በቲ ዝተዋህባ ለበዋ መሰረት ከኣ፡ ስራሓ ብምጅማር ብግቡእ ክትጎዓዝ ከላ፡ ሓደ-ሓደ ዕንቅፋት ካብ ውሽጣ የጋጥማ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ኣሰራርሓኣ፡ ከም ዝተሓሰበ፡ ምዕባለ ኣየርኣየን ። እቲ ኣብ መጀመርታ ዝርኤ ዝነበረ ቁጽሪ ናይ ተሳታፍቲ ከተማታት፡ ብቀጻልነት ምዕባለ ከርኢ ስለ ዘይከኣለ፡ ዛሕቲላ።

እንተኾነ ግን፡ ነቶም ብቕንዕና ንምቅላስ ዝተበገሱ፡ ኣባላት ናይ ቃልሲ ማዕበል ይኣክል፡ ኣቲ ሃዋህው ኣየተባብየምን። ኣቲ ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቅን፡ ኣቢዪ ኣሕመድን፡ ብሃንደበት ዝተጀመረ፡ ናይ ዕርቂ ድራማ ኣብ ዝተጀመረሉ ግዜ፡ ሓደ-ሓደ ኣባላት ናይ’ታ ደስኪላ ዝጸንሐት፡ ሓይሊ-ዕማም- ነቲ ኣደስኪላቶ ዝጸንሔት ሓላፍነታ ሓደሓደ ኣባላታ ንኽትቅጽሎ ብዝሃቡዎ ለበዋ መሰረት፡ እንደገና ሓዲሽ ተበግሶ ወሲዳ፡ ነቲ ናይ ቅድም ቅዱስ ስራሓ፡ እናቐጸለቶ ከላ፡ ሓንቲ ናታ ህላውነታ ትፈልጥ፡ በብሰለስተ ኣባላት፡ ካብ ነፍሲ ከተማ እተወከለት ሓዳስ ተመሳሳሊት ጉጅለ፡ ነታ ካብ ኒው-ዮርክ ብግቡእ ዝተወከለት ሓይሊ -ዕማም ብመደብ ጐስያ፡ ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ ተጀሚራ። ህላውነት ናይ’ታ ዝጸንሔት ሓይሊ_ ዕማም ዝሓበሩዋ ሰባት’ውን ኔሮም እዮም፡ እንተኾነ ግን፡ ተገዳስነትን ኣየርኣየትን።

ብድሕሪኡ ከኣ፡ እታ ሓዳስ ናይ ዋሽንግቶን ዲሲ ጉጅለ፡ ነቲ ሓድሽ መደባ ደፊኣትሉ። ግዜ ከይወሰደት ከኣ፡ ንብዙሓት ከተማታት ብምሕባር፡ ነታ ክትንቀሳቐስ ዝጸንሔት፡ ሓይሊ ዕማም፡ ብጎድኒ ጎስያ፡ ብጉልባብ ቃልሲ ማዕበል ይኣክል፡ መልክዕን፡ ኣገባብ ኣሰራርሓን፡ ብምብጋስ፡ ንዝተፈላለያ ከተማታት ብምእማንን፡ ምውህሃድን፡ ንዕለት 24 ግንቦት፡ 2019፡ ኣብ ዋሺንግቶን ዲሲ ሰላማዊ ሰልፍን፡ ዓውዲ- መጽናዕትን (symposium) ክካየድ ከም ዝኾነ ንብዙሓት ከተማታት ተሓቢሩወን፡ በቲ ዝተባህለ ዕለት ዝተሳተፉ ከተማታት፡ ከኣ፡ ንእግረ መንገደን፡ ምስ’ቲ መደባት ናይ ሰላማዊ ሰልፍን፡ ዓውደ- መጽናዕትን፡ በተወሳኺ፡ ናይ ከተማታት፡ ወከልተን ክመርጻ ከም ምኳነን ተሓቢሩወን። ብዛዕባ’ቲ ናይ ከተማታት ወከልቲ ንምምራጽ ዝምልከት፡ ብዙሕ

ክተዓትን፡ ምይይጥን ተኻይዱ ኔሩ። እንተኾነ ግን፡ እቶም ናይ ምምራጽ ሓሳባት ዘቕረቡ ሰባት፡ ብዛዕባ ዝተፈልዩ ርእይቶታትን፡ ተቓውሞታትን ከይገደሶም፡ ንምትግባሩ ኣዩ ኔሩ ድፍኢቶም። እቶም ነቲ ናቶም ሓሳባት ዝቃወሙ ዝነበሩ ዝህቡዎ ዝነበሩ መርትዖታት ከኣ፡ ናብ ሰላማዊ ሰልፊ ተወኪሎም ዝመጽኡ ልኡኻት፡ ንእግረ መንገድኹም፡ ንከተማኹም ወኪልኩም ተመረጹ፡ ምባል፡ ብመሰረቱ፡ ዘይሕጋውን፡ ስርዓትን፡ ኣገባብን ዝሰሓተ፡ መሰልን፡ ዕድልን፡ ናይ'ተን፡ ተወከልቲ ከተማታት'ውን ዝግህስ እዩ ዝብል እዩ ኔሩ።

እንተኾነ ግን፡ እቶም ጉጅለ ናይ ወከልቲ ንምረጽ ዝብል ውጥን ዝደፍኡ ዝነበሩ፡ ነቲ ምርጫ ንምክያድ ዝብል ሓሳብ ተረዳዲኦምሉ ዝጸንሑ ይመስሉ ስለ ዝነበሩ፡ ንሳቶም ዘምጽኡዎ ሓሳባት ጥራሕ እንተዘይኮይኑ፡ ንፍልይ ዝበለ ርእይቶን ሓሳባትን ዕድል ዘይምሃብ፡ ዝዓብለሎ ሃዋህው እዩ ዝመስል ኔሩ ። ይኹን'በር ነቲ ተረዳዲኦምሉን ፡ ተዓጢቖምሉን ዝመጽኡ መደብ ፡ ብሓይሊ ድፍኢት ተዓዊቶምሉ እዮም። እቲ ዝቐርበሎም ዝነበረ ቅኑዕ ርእይቶታት ከኣ ፡ቅድሚ ተጓይኻ ናይ መራሕቲ ምርጫ ምክያድ፡ ብመጀመርታ፡ ሰፊሕ ንኹለን ብሔራት ኤርትራ ኣብ ግምት ኣእትዩ፡ ተወኪስካ ንምስታፈን ፡ እኹል ጻዕሪ ንምክያድ ይሓይሽ ዝብል እዩ ኔሩ። እቲ ካልኣይ ሓሳብ ከኣ፡ ነቲ ናይ ንሰላማዊ ሰልፊ መደብ፡ ንምክያድ ካብ ከተማታት ተወኪሎም ዝመጹ ሰባት፡ ብዘይፍቓዶምን መደቦምን፡ ከምኡ'ውን፡ ናይተን ዝወከልኦም ከተማታትን፡ ኣብ መሪሕነት ምእታዎም፡ ስለምንታይ ነቲ ሓሳባት ሒዞም ናብ በብከትማኦም ዘይምለሱ'ሞ እተን ከተማታት ኣብ ዝተወሰነ፡ ግዜ፡ ባዕላተን ፡ ብፍትሓውን፡ ደሞክክራስያውን፡ ሕጋዊን፡ ኣገባባ፡ ብቑዓት ወከልተን፡ መሪጸን ንክልእኻ ዕድል ዘይወሃበን ዝብል ርእይቶ እዩ ኔሩ፡ ግን፡ ፈጺሞም፡ ብሰፊሕ ንኽዘራረቡሉ'ውን ፍቓደተኛታት ኣይነበሩን። ብተወሳኺ ከኣ፡ ነተን፡ ዘይተሳተፋ ከተማታት'ውን ፡ ንክሳተፋ ዕድል ዝህብ ርእይቶ እዩ ኔሩ። ዕድል ግን ኣይተዋህቦን።

እቲ ለባም ህዝቢ ማዕበል ይኣክል ግን፡ ነቲ ዘይሕጋውን፡ መሰላት ህዝቢ ዝገፈፈን ኣገባብ ኣሰራርሓኦም ሕጂ መኪትና ጠጠው ምስ እነብሎ፡ መፍቶት'ቲ ናይ ሓባር ጸላኢና (ህግደፍ) ክንከውን ስለ ንኽእል፡ ነቲ ፍልልያትና ኣብ ውሽጢ ፡ ቀስ ኢልና ብምርድዳእ ከነዓርዮ ስለ ንኽእል፡ ንሕጂ ግን “ምእንቲ መጎነ ትሕለፍ ኣንጭዋ” ከም ዝበሃል፡ ዕሽሽ ኢልና ንሕለፎ ተባሂሉ፡ ብሰፊሕ ልቦናዊ ኣረኣእያ ተሓሊፉ ኔሩ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ከኣ፡ እንደገና፡ ነቲ ብሓይሎም ፡ መሰላት ህዝቢ ገፊፎም፡ ነቲ ቃልሲ ህዝብን፡ እንታይነት፡ ናይ ኣገባብ ቃልሲ ማዕበል ይኣክልን ካሊእ መልክዕ ሂቦም፡ ንገዛእ ርእሶም ኣብ ኮረሻ ፈረስ ኮፍ ኢሎም ፡ ካብ'ቲ ዝተቐመጥዎ ቦታውን፡ ብቐሊሉ ንከተውርዶም ዕድል ዘይህብን፡ ዝዓንቀጻታ፡ ናይ ውሽጣዊት ምምሕዳር ዓንዲ ሕጊ ነዲፎም፡ ነተን ከተማታት፡ ኣብ ምምርማርን፡ ምጽዳቕን ኣተን ዓንቀጻት ዕድል ተነፊጉወን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ትሕዝቶ'ቲ ዓንቀጻት፡ መሰላት ደቂ ሰብ ዝገፍፍ፡ መሳላት ናይ'ተን ከተማታት ከይተኸብረ፡ ብፍትሕን ሕግን ዝጎደሎ ኣገባብ ፈሪምናያ ኢሎም ኣንጨብጨቢቦም። እተን ከተማታት ቅድሚ ነቲ ሕግታት ቅድሚ ምጽዳቖም፡ ንክርእያኦ፡ ዕድል ንክወሃበን ሓቲተን ኔረን፡ እንተኾነ ግን፡ “ሳግላ ብላዕ፡ ግን ኣይትቕላዕ ኮይኑ ተሪፉ።” ምልስ ኢልና ናብ'ቲ ብወርሒ ግንቦት፡ 2019፡ እዛ ጉጅለ'ዚኣ ፈጺማቶ ዝነበረት፡ ግህሰተ

መሰላት ናይ”ቲ ቃልሲ ማዕበል ይኣክል ምስ ንጥምት ከኣ፡ “ኣብ ርእሲ ዘይሓወየ ቁስለይስ፡ ጸርፊ (An insult to an injury) ከኣ ተወሲኹኒ” ከም ዝበሃል እዩ ኮይኑ ተሪፉ።

ክቡራትን፡ ክቡራንን ደለይቲ ፍትሒ ኤርትራውያን፡ ሕጊ'ምበር ሰብ ክገዝኣና ኣይንጸበ ። ምኽንያቱ ከኣ፡ እተን ምዕቡላት ሃገራት ዓለም ብኸምዚ ኣገባብ ኣመሓዳድራ ኣይኮናን ዝካየዳን፡ ዝምዕብላን፡ ንሕና'ውን ቅኑዕ ስራሕ ሰሪሓና ኢና ክንመሓየሽ ዝግበኣና። ስለ'ዚ እቶም ንኽንምርሓሎም ዝጸድቁ ዘሎዉ ዓንቀጻት ናይ'ታ ውሽጣዊት - ምምሕዳር ዓንዲ ሕጊ፡ እቲ ዝምልከቶ ህዝቢ ፡ ነቶም ዓንቀጻት ናይ'ታ ዓንዲ ሕጊ፡ ርእይቶኡ ንኽህበሎም፡ ዕድል ስለ ዘይተዋህቦ፡ እቲ ሕጊ ናይ ህዝቢ ኢልካ ንኽትሰምዮ ፡ ትርጉም ስለ ዘይህብ፡ ክምልከቶ ኣይኽእልን እዩ።

ብተወሳኺ ከኣ፡ ቅኑዕ ኣገባብን፡ ስርዓትን፡ ቅጥዕን፡ ሕግን፡ ዘይተኸተለ ናይ መሪሕነት ምርጫ ተኻይዱ፡ ብብዝሒ ድምጺ ሓሊፉ ተባሂሉ ምስ ዝውሰን፡ ውጽኢት ናይቲ ዝተኻየደ ምርጫ፡ ብሓፈሻዊ ዓይኒ ሕጊ ክርኤ ከሎ፡ ተቐባልነት (cannot be legally enforceable) ክህልዎ ኣይክእልን እዩ።

እዛ ብስም ጉልባብ፡ ቃልሲ ማዕበል ይኣክል ድሕሪ ምብጋስ ፡ ተገልቢጣ ፡ ንርእሳ፡ ባይቶ ሰሜን ኣመሪካ ሰምያ፡ ናብ ጫፍ (Apex) ዝደየበት ጉጅለ፡ ንብዙሓት ሰባት፡ መቐጸልታ ናይ'ታ ዝተጨውየት፡ ቅኑዕ ዓላማን፡ ሕጋዊ ኣበጋግሳን ዝነበራ ሓይሊ- ዕማም :መሲሉዎም ኔሩ፡ ስለ'ዚ እዩ ከኣ፡ ኩሉ መብርሂታት ምልጋስ ዘድለየ።

እዛ ጽሕፍቲ'ዚኣ፡ ኣብ መጀመርታ፡ ንብዙሓት ደለይቲ ፍትሒ ብዙሕ ስክፍታታትን፡ ኣሻቕሎን ፡ ምጥርጣርን ከተሕድረሎም ትኽእል ትኸውን እያ። እንተኾነ ግን፡ ቀስ ኢሎም፡ ነቲ ኣብ ሓልዮትን፡ ሓቅን፡ ግሉጽነትን ዝተመርኮሰ ኣገባብ ቃልሲ፡ ተኸቲሉ ዝጐዓዝ ዘሎ ቃልሲ ማዕበል ብዙሕ እምነት ኣሕዲሩ፡ ጠቕሙን ጉድኣቱን፡ መዚና ዝወሰደቶ ኣዝዩ ኣድላዪ ስጉምቲ ንክትወስድ፡ ከም ዝተገደደት፡ ብውድዓዊ ኣረኣእያ ተንቲኖም፡ ነቲ ቅኑዕ ተበግሶኣ፡ ምስተረድኡዎ፡ ግን፡ ከም ዝድግፉዎ ዘየጠራጥር ሓቂ እዩ። ምክንያቱ ከኣ፡ ንማዕበል ህዝቢ ረጊጹ፡ ብትምክሕታዊ ንዕቀት ዝተበገሰ፡ ጉጅለ፡ ዘላቒ ፍታሕ ነቲ ሃላኺን፡ ኣሰካፍን ሃገራዊ ሽግር ከምጽእ ኣይኽእልን እዩ። ስለ'ዚ ቀልጢፍካ ጠጠው ምባሉ፡ እቲ ዝበለጸ ምርጫ እዩ።

እዛ ብ ገዛእ ሓይላ፡ ብዘይ ግሉጽነት፡ ብካብ ስርዓትን፡ ሕግን ፡ ኣገባብን ዝርሓቐ ተበግሶ ብምውሳድ፡ ብ24 ግንቦት 2019፡ ዘካየደቶ ናይ መሪሕነትን፡ ምርጫታትን፡ ብሸለልታ ተሓሊፉ ኔሩ እዩ። እዚ ናይ ሕጂ ኩነታት ግን ፡ ፍሉይ ስለዝኾነ፡ ካብ ውሽጢ ንክዕረ ፈጺሙ ዘይከኣል እዩ፡ ምኽንያቱ ከኣ፡ ሕቶ ናይ ዓላማን፡ መትከልን ፡ ሕቶ ናይ መሰላት ደቂ ሰባትን፡ ናይ ዝምልከተን ከተማታትን፡ ስለ ዝኾነ እዩ ።

ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ ብሓይሊ -ዕማም ደረጃ፡ ብማእከልነት ናይ'ተን ዝምልከተን ከተማታት ዝካየድ ህዝባዊ ጥርናፈን፡ ኣብ መሰላትን፡ ጥቕሚ ህዝብን፡ ልዕላውነት ሃገርን ዝትንክፍ ኩነታት ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ዝተፈጥረሉ ግዜ፡ ንኹለን ከተማታት ሰሜን ኣመሪካ፡ ብጥርኑፍ ኣገባብ ኣሳቲፉ፡ ንጸላኢ ብሓባር ንምምካት እተኽእል ሽማግለ ብግድነት ከትድልየና እያ።

እንተኾነ ግን፡ ሕግታትን፡ ኣገባብ ቃልስን ናይ ቃልሲ ማዕበል ይኣክል እትጥሕስን፡ መሰላትን፡ ዕድላትን፡ ናይ ዝወከላኣ ከተማታት መንዚዓ ፡ ኣነ እየ ካብ ላዕሊ ወሪደ ዝመርሓክን ትብለን ውድብ ግን፡ ብምንም ዓይነት ኣይተድልየናን እያ። እቲ ሕጂ ኣጋጢሙና ዘሎ ኩነታት ከኣ፡ ከምኡ እዩ፡ ብግብሪ ዘንጸባርቕ ዘሎ። ነቲ ኩሉ ጻዕሪ ቃልስና፡ ኣብ ዓውት ከነብጽሖ እንተኾንና፡ ካብ መሰረቱ፡ ኣብ ሓቅን፡ ግሉጽነትን ዝተሞርከሰ፡ ጠቕምን፡ መሰልን ህዝቢ ፡ዝውክል ሕግን፡ መሪሕነትን ዘሎዎ ሓይሊ-ዕማም ምስ ንፈጥር እዩ።

እዚ ሕጂ ንዕዘቦ ዘሎና ዘይሕጋዊ ኣገባብ ቃልሲ ግን፡ ነቲ "ሓደ ኣባል ሓንቲ ድምጺ" ዝብል ካብ ታሕቲ ጀሚሩ፡ ንላዕሊ ዝጠመተ ናይ ሓላፍነት ውክልና ዝብል ንጹር መትከል ናይ ኣገባብ ቃልሲ ማዕበል ይኣክል፡ ብምግሃስ፡ ነቲ ቃልሲ ህዝቢ ባዕሉ፡ ብዘይተሳትፎ ህዝቢ፡ ናብ ውድብ ዝለወጠ፡ ሓያል ጉጅለ እዩ።ትጽቢትን፡ እምነትን ህዝቢ ግን ከምኡ ኣይነበረን።
እ'ዚኣ ክትበርህ ዘሎዋ ሓንቲ ዓባይ ነጥቢ ከኣ፡ እዚ ቃልሲ ማዕበል ይኣክል፡ ብንቑሓት መንእሰያትን ፡ደቂ ኣንስትዮን ዝዓብለሉዎን፡ መድረኽ ቃልሲ ዝጠለቦን ስለ ዝኾነ፡ ዋላ ሓደ ሓይሊ ተጻብኦ፡ ጠጠው ከብሎ ዘይኽእል ማዕበል ህዝቢ እዩ። እቶም ግጉይ መንገዲ ተኸቲሎም ነቲ ብናህሪ ዝጎዓዝ ዘሎ፡ ማዕበል ይኣክል፡ ዕንቅፋት ክኾኑዎ ዝፍትኑ ዘሎዉ ባእታታት፡ ከምጽኡዎ ዝኽእሉ ሳዕቤን ከኣ፡ ነቲ ናይ ዓወትና ጉዕዞ ፡ ንምንዋሕ ጥራሕ እዩ፡ ክኸውን ዝኽእል።

## <u>መደምደምታ።</u>

ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ቃልሲ ማዕበል ይኣክል ኤርትርውያን ሰሜን ኣመሪካ፡ ኣብ ሓቅን ፡ግሉጽነትን ተመርኲሱ፡ በብከተምኡ፡ ብውልቀ ኣባልነት ደረጃ፡ ተበጊሱ፡ንህዝቢ ኣነቓቒሑን፡ ኣተባቢዑን፡ ናብ መኣዲ ቃልሲ ኣምጺኡ ዘሳትፍ ሓይሊ -ዕማም እዩ።

ዓላምኡ፡ ከኣ ነቲ ኣብ ኤርትራ ብቐጻልነት ህዝብን ሃገርን ዘጥፍእ ዘሎ፡ ኣዝዩ ዘስክሕክሕ ግፍዕታትን፡ ግህሰት ሰብኣዊ መስላት ደቂ ሰብ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝገፍፍ ዘሎ ስርዓትን ኢዩ።

ካብ'ዚ ድሕሪ ባይታ'ዚ ተበጊሰን ኣየን ከኣ፡ ብዙሓት ከተማታት ሰሜን ኣመሪካ፡ ሓባራዊ ናይ ህዝቢ ጥርናፈ መደባት ኣውጺኤን ዝጎዓዛ ዘሎዋ። ኣገባብ ኣጠራንፈኤን ከኣ ብሓይሊ ዕማም ደረጃ ኮይኑ፡ እዛ ንገዛእ ርእሳ ባይቶ ሰሜን ኣመሪካ ዝብል ስም፡ ሰምያ፡ እቲ ዓንዲ-ሕጊ ብንኣኣ ዝጥዕም፡ ኣገባብን፡ ንዓላምኣ ዘተግብርን ኮይኑ፡ እቲ ዝነደፈቶ ዓንዲ -ሕጊ ናይ ውሽጣዊ ምምሕዳር ዓንቀጻት ከኣ፡ መሰላት ናይ ኣባላት እተን ዝምልከተን ከተማታት ዘየኽብርን እዩ። ናይ ህዝቢ ውሽጣዊ ምምሕዳር ዓንዲ ሕጊ እናተባህለ ከኣ፡ እቲ ህዝቢ ርእይቶኡን ሓሳቡን፡ ዘይሓወሰሉ ሕጊ፡ ብግቡእ ከገልግሎ ስለ ዘይክእል፡ እቲ ህዝቢ፡ ባዕሉ መርሚሩ ክሳዕ ዘየጽደቖ፡ ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣይግባእን።

እዛ ሓላፍነታ ዝዘንግዔት ውድብ'ዚኣ፡ እቲ ህዝቢ ብሓይሊ-ዕማም ደረጃ፡ ክትፍጽሞ ዝጽበያ ዝነበረ ሓላፍነት፡ ነተን ቁጽረን ብግምት፡ ካብ 70 ክሳዕ 80 ዝኾና፡ ጌና፡ ዘይተጠርፋ ዘሎዋ ከተማታት፡ ጠርኒፋ፡ንክተሳትፈን እዩ ኔሩ ትጽቢቱ ።

እንተኾነ ግን፡ ሓላፍነት ካብ ዝጨበጠትሉ ዕለት፡ ወርሒ ግንቦት 2019 ጀሚሩ፡ ክሳብ'ዛ ዕለት'ዚኣ፡ ሓንቲ ከተማ'ውን ኣየሳተፈትን፡ እቲ ሕቶ ከኣ፡ ንምትግባሩ ስለ ዘይከኣለት ዘይኮነስ፡ ናይ ዓላማ ሕቶ ስለ ዝኾነ እዩ። ስለ'ዚ፡ ዓላምኣ እንታይ ከም ዝኾነ ፡ ንህዝቢ፡ ብግሉጽነት ከተብርሃሉ ግቡኣ እዩ፡፡

ኣብ'ዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ኣርባዕተ ነጥቢ ክግበረሉ ዘሎዎ ኣስጋኢ ሕቶ ከኣ፡ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ናይ'ቶም ዓንቀጻት፡ ናይ'ታ ንህዝቢ ንምስታፍ ዝተሓረመቶ ዓንዲ ሕጊ እዩ። ካብኡ ብከፊል ንምጥቃስ ዝኣክል ከኣ፡ ጠለብን ፡ ድልየትን፡ መሰልን፡ ጥቕምን፡ ናይ ደለይቲ ፍትሒ ኣብ ግምት ዘየእቱ ኮይኑ፡ ስልጣንን ምልክን ናይ'ታ ገባቲት ሓይሊ-ዕማም ትመስል፡ ብግብሪ ግን ብውድብ ደረጃ ትኅንዝ ዘላ ጉጅለ ዝምልከት እዩ። ህዝቢ ኢዱ ወይ ድምጹ ዘይሓወሰሎም ዓንቀጻት ዓንዲ-ሕጊ ፡ ንጥቕሙ ከገልግሉ ኣይኽእሉን እዮም።

ኣብ መደምደምታ ከኣ፡ እቲ ተጠያቒን ተሓታትን ናይ'ቶም ኩሎም ሽግራት ኤርትራ ፡ ስርዓት ህግደፍ ክኸውን ከሎ፡ ኣቲ ካልኣይ ተሓታቲ ከኣ፡ ባዕልና እቶም ህዝቢ ኤርትራ ኢና። እቲ ቀንዲ ፍታሕ ናይ'ቶ ኩሎም ሽግራት ከኣ፡ ንሕና ባዕልና ንባዕልና ጥራሕ ኢና። ስርዓት ህግደፍ ዓቕምን፡ ናይ ህዝቢ ደገፍን፡ ፈጺሙ ዘይብሉ ክነሱ፡ ብምኽንያት ናትና ፍልልያትን፡ ዘይምንቃሕናን፡ ጥራሕ እዩ ብክልተ እግሩ ጠጠው ኣቢልናዮ ዘሎና፡፡

መባእታዊ ኣጀማምራ ፍታሕ ናይ'ቶም ሽርግራትና ከኣ፡ ንገዛእ ርእስና ካብ ኩሎም ኣሉታዊ ነገራት፡ ሓራ ኣውጺእና፡ ኣብ ዝኾነ ንኤርትራ ዝምልከት፡ ዝካየድ ኣኼባታትን፡ ካላኣት ንጥፈታትን ብኣካል ምስ ተሳተፍናን፡ ከምኡ ከኣ ብከተማ ደረጃ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ጥርናፈ፡ ብውልቀ ሕልናና ተደሪኽና፡ ኣድማዒ ተራ ምስ እንጻወተሉ ጥራሕ እዩ።

ብዛዕባ መሰልናን መሰል ካልኦትን፡ ንክንካታዕ ከኣ፡ ኣብ'ቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ሃገራዊ ንጥፈታትን ፡ ብኣካል ምስ እንሳተፍ ጥራሕ እዩ መሰልና ክሕሎ ዝግባእ። ስለ'ዚ፡ ኣብ ቃልስና ሞራላዊ ፍትሒ ንኽነግስ ኣቐዲምና ሕልናና ንፈትሽ ሓደራ !!

ዝኾኑ ዓይነት ኣሉታዊ ቃላት ናይ ጸርፍን፡ ጸለመን፡ ዘይግቡእ ዘለፋን፡ ክንሰምዕ ከሎናን፡ ዘይፍትሓዊ ተግባራት ክንዕዘብ ከሎናን ፡ ነቲ ፍሕም ዝብል ዘሎ ሓዊ፡ ናብ ብቐሊሉ ኣገባብ፡ ነቲ ሓዊ ከተጥፍኦ ዘይትኽእል ጓህሪ ንምብራዑ ኢሉ እቲ ናይ ሓባር ጸላኢና ዝኽዕዎ ዘሎ በንዚን (ናፍታ) ከም ምኻኑ ረዲእና፡ መልሲ ዝበሃል ከይሃብና ምስ እንሓልፎ ፡ ወይ ከኣ ዓው ኢልና “ይኣክል” ክንብል ምስ ንኽእል ጥራሕ እዩ ኣቲ ዝሓሸ ፍታሕ ክመጽእ ዝኽእል።

ዘለዓለማዊ ዝኽሪን ሞገስን ንስውኣትና ። ክብርን ምስጋናን ንስንኩላትና !!

**በርሀ ደስታ** / ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ።